
# ንዓኺ “ባክተሪያ ቫጂኖስ” (bakteriell vaginos) ብተደጋጋሚ ዝመላለሰኪ ሰብ

## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እንታይ እዩ?

ኣብቲ ከባቢ ብልዕቲ (ርሕሚ)፥ ነንበይኖም ናይ ባክተሪያ ዓይነታት ብብዝሒ ዚዕምብቡሉ ናይ ኣካላትና ከባቢ ኮይኑ፥ ኢቶም ”ላክቶ-ባሲለር” (ናይ ጸባ ኣሲድ ባክተሪያ) ዝበሃሉ ግን፡ ብብዝሒ ዚዕብልሉ ቦታ እዩ። እቲ ናይዞም ”ላክቶ-ባሲለር” ጥቕሚ፥ ነቲ “መጠነኛ” ዝኾነ፡ ብግምት ”pH 3,8-4,5” ከም ዚህሉ ምግባር እዩ። እዚ ትሑት ናይ ”መጸት” (pH) ከባቢ፥ ነዞም ”ላክቶ-ባሲለር” ንኺምችኦም ዚገብር ቅድመ-ኩነት እዩ። እቲ ናይ ”pH” መጠን ክብ ምስ ዚብል፥ ነቶም ”ላክቶ-ባሲለርና” ስለ ዘይሰማምዖም፡ ቁጽሮም ይጎድል። ስለዚ፡ እቲ ናይ ”pH” መጠን ክብ ምስ ዚብል፥ ኣብ ክንድኡ ንኻልኦት ዘይተደልይቲ ባክተሪያ ዚምችእ ይኸውን። ኢዞም ዘይተደለይቲ ባክተሪያ ድማ እዮም፡ ነቲ ርሕማዊ-ፈሳሲ ዘቕጥንዎ፥ ናይ ዓሳ ሽታ ከም ዚህልዎ ድማ ዚገብሩ።

”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ናይ ሕማም ረኽሲ ኣይኮነን፥ እዚ እቲ ናይ ነንበይኖም ዓይነት ባክተሪያታት ናይ ዓቐናት ምዝንባዕ ዘምጽኦ ነገር እዩ።

”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ብጾታዊ ርክብ ዝተሓላለፍ ሕማም ውን ኣይኮነን።




## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ምኻኖም ብኸመይ ኢኻ ትፈልጦ?

”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘሎኪ ርግጸኛ ንምዃን፥ ብናይ ሕክምና መርመራ ኪረጋገጽ ይግባእ። እዚ ድማ፡ ብናይ ጂኒኮሎግ ዚግበር መርመራ ኮይኑ፥ ነቲ መለስለሲ ፈሳሲ ብምምርማር፥ ነቲ ናይ ምጸት (pH) መጠን ትዕቅኖ፥ ነቲ ናይ ዓሳ ሽታ ዘነጽር ፈሳሲ ተጠቒምካ ድማ፡ ነቲ ሽታ ትዕቅኖ።
 እቲ ናይ ዓሳ ሽታ፡ እቲ ዋና መለለዪ ናይ “ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እዩ። ገለ እዋን ምፍላጡ ድማ ናይ “ማይክሮስኮፕ” መሳርሒ ውን ትጥቀም ኢኻ። እንተደኣ ጸጸኒሑ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ደጋጊሙ ዝመላለሰኪ ኮይኑ፥ በቲ ናይቲ ዘጋጥመኪ ጸገም ምልክት ንምልላዩ ትኽእሊ ኢኺ።

## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ኪህልወካ ሓደገኛ ነገርዶ እዩ?

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ሓደገኛ ነገር ኣይኮነን፥ ይኹን እምበር፡ ክትጥንቀቑሉ ዘድሊ ኪፍጠር ዚኽእል ኩነታት ግን ኣሎ እዩ። ንኣብነት ኣብ ጊዜ ጥንሲ፥ እዚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እዚ፥ ነቲ ማይ ኣብ ዘይእዋኑ ናይ ቅልጡፍ-ምፍሳስ ሓደጋ ንኺገብረሉ ዘኽእል ጸገም ኣሎ እዩ።

ኣብቲ ”ስፒራል” ተእትውሉ ጊዜ ውን፥ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘይብልኪ ክትፈልጢ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ”ጌጋ ባክተሪያ” ናብ ላዕሊ ናብ ማህጸንኪ ኣቢሎም ንኸይድይቡ ብማለት እዩ። ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ናይ ርሕሚ መጥባሕቲ ወይ ጥንሲ ኣብ ምስዳድ ኣብ ትገብርሉ ጊዜ፥ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ክህልወኪ የብሉን።

### እቲ ልሙድ ፈሳሲ ከመይ እዩ ዚመስልt?

እቲ ልክዕ ”ርሕማዊ-ፈሳሲ”፡ ሓፊስ ጸዕዳ፡ ከም ናይ ”ፊል-ምዮልክ” ዚመስል፡ ፈኲስ ናይ ምጸት ሽታ ዘሎዎ እዩ። እቲ እንቋቑሖ ኪፍኖ ከሎ፥ እቲ እዚ ፈሳሲ’ዚ ቁሩብ ምቅይያር ይገብር’ዩ፥ ንሱ ብርህ ዝበለን፡ ሓፊስ - ከም ናይ ጻዕዳ እንቋቑሖ ዚመስል ይኸውን። (እዚ ግን ናይ ሆርሞን መድሃኒት ዘይትወስዲ ምስ ትኾኒ እዩ።)

# ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዝተመልሰኪ ብኸመይ ክትፈልጢ ትኽእሊ?

**ልሙዳት ምልክት ሕማም ናይ “ባክተሪያ ቫጂኖስ”** ዚሸትት ፈሳሲ ምህላው እዩ። ብድሕሪ  እዩ። efter እቲ ፈሳሲ ቀጥን ፋሕሸዋይ ጻዕዳ ኮይኑ ናይ ዕሳ ሽታ ዘሎዎ እዩ።

እቲ ዳግም ከጥቅዓካ ዚኽእልሉ ኣጋጣሚ ምስ ናይ ወርሓዊ ጽግያት ብምትሕሓዝ፡ ብድሕሪ ጾታዊ ርክብ ወይ ምስ ሓድሽ ሰብኣይ ኣብ ትራኸበሉ ጊዜ እዩ።

## ወርሓዊ ጽግያት

ምስ ወርሓዊ ጽግያት ብዝተኣሳሰር፡ መጠን ናይቲ pH-värdet፡ ኣብ ርሕሚ ይውስኽ’ዩ። እቲ ደም ዝለዓለ መጠን ”pH-värdet” ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ መዓልታት ምፍሳስ ደም፡ እቲ ”pH-värdet” ንኺውስኽ ኣበርክቶ ይገብር’ዩ። እዚ ፍጹም ተፈጥሮኣዊ ባህሪ እዩ። ንገለ ደቂ ኣንስትዮ ግን፡ ምልክታት ናይቲ ባክተርያ ርሕሚ ክህልወንን ናይ ድግሰት ምድግጋምን ከስዕበለን ይኽእል’ዩ።

## ሰብኡት ምቅይያር

ገለ ደቂ ኣንስትዮ መጻምድተን ኣብ ዝቕይራሉ እዋን ምልክታት ባክተርያዊ ርሕሚ ከጋጥመን ይኽእል እዩ። እቶም ምልክታት ኣብ መጀመርታ ናይቲ ዝምድና ክረኣዩን ድሕሪኡ ክሃድኡን ይኽእሉ።

## ጾታዊ ርክብ

ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ዝለዓለ ”ፒኤቾ” (pH) ስለ ዘለዎ ንሓደጋ ምልክታት ባክተርያ ርሕሚ ክብ ከብሎ ይኽእል እዩ።

## ጽሬት

ምስ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ርሕሚ ተኣሳሲሩ ዚመጽእ ፍሳስን ጨናን ሓጺብካ ዘልግስ ኣይኮነን። እቲ ብዙሕ ምሕጻብ ንርእሱ፡ ካልእ ጸገማት ከም ምጭዳድ ናይ ቆርበትን - ድርቀት ናይቲ ልፋጫዊ ሽፋንን ርሕሚ ከስዕብ ይኽእል እዩ። እቲ ጨናን ፍሳስን፡ ዋላ እኳ እንተተሓጽበ ዘልግስ ኣይኮነን።

## ንኸይምለሰካ ክትገብር ትኽእል ዲኻ?

ምስ ጾታዊ ርክብ ዝተኣሳሰር ምምላስ ናይቲ ምልክት ጸገም፡ ኮንዶም ብምጥቃም ክትከላኸሎ ይክኣል እዩ።

## ን”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ክትሕክሞ ትኽእል ዲኻ?

ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ጸገማት ክትሕክሞ ዘድልየሉ እዋናት ኣሎ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ከም ኣብነት ኣብ ጊዜ ጥንሲ፡ ኣብ መጥባሕቲ ርሕሚ ወይ ውን ኣብ ምእታው ናይ ስፒራል፡ ጸገማት ኪፈጥር ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር፡ ባክተርሪያ-ቫጂኖስ” ብሓፈሽኡ ከም ናይ ሕማም ረኽሲ ስለ ዘይቁጸር፡ ሕክምና ምግባር ኣድላዩ ኣይኮነን። ብዙሓት ጊዜ እውን ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ሕክምና ፈጺሙ ብባዕሉ ይሓዊ እዩ። እዚ ድማ ዝተፈላለየ ናይ ግዜ ንውሓት፡ ማለት፡ ክሳብ ሓያሎ ሰሙናት ኪወስድ ይኽእል እዩ። ንብዙሓት ሰባት፡ እዚ ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ጸገም፡ እቲ ፈሳሲ ብዝያዳ በዚሑ ዚፈስስን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ዓሳ ዝሸትት ጨና ዘለዎ ምኧኑን፡ ዘይምቾት ይፈጥር እዩ።

ዝሓሸ ለውጢ እንተ ዘይጌሩ ወይ ውን ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘለኪ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንኪ፡ ናብቲ ምኽሪ ክንክን-ሕማም መውሃቢ፡ ምስ 1177 ርክብ ግበሪ ወይ ውን ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ብምግባር ተወከሲ።

”ቫጂ-ሲ” (Vagi-C)፡ ናይ ርሕሚ ከኒና፡ 250 ሚሊግራም ”ኣስኮርቢክ ኣሲድ” ዝሓዘ እዩ። እዚ ”ኣስኮርቢክ ኣሲድ” ቀስ እናበለ ንብዙሕ ሰዓታት ብውዱን መገዲ ዚፍኖ (ዚልቅቕ) እዩ። እቲ በዚ ቀስ ብቕስ ኣገባብ ዚፍኖ ቪታሚን ሲ (ኣስኮርቢክ ኣሲድ)፡ ነቲ ናይ ርሕሚ ናይ ”pH-värdet” መጠን ይንክዮ፡ ትሑት ኮይኑ ውን ከም ዚቕጽል ድማ ይገብሮ። ”ቫጂ-ሲ” (Vagi-C)፡ ብድሕሪ ጾታዊ ርክብን ብድሕሪ ወርሓዊ ጽግያትን፡ ከም ሕክምናን ከም መከላኸልን ክትጥቀመሉ ይክኣል እዩ።




**ኣብቲ ልክዕ ዝኾነ “ፒ-ኤች” (pH) መጠን ኣብ ርሕሚ ምስ ዝህሉ፡ እቲ ቅኑዕ ባክተርያ ብዝበለጸ ይሰስን።**እዚ ናይ ተሓከምቲ ሓበሬታ’ዚ፡ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ተተርጒሙ፡ ኣብ www.vagi-c.se ይርከብ’ዩ።

erol ab
Erol AB, S:t Johannesgatan 2, 211 46 Malmö. 040-688 09 69 | www.vagi-c.se